## ኤርትራ ሃገረይ።

ኤርትራ ሃገረይ በዚሑ ጠማቲኺ፡
ብለን ዓይኒ ኩሉ ኣፍቃሪኺ፡
ጓል ቀይሕ ባሕሪ ሰማያዊ ዕጥቅኺ።

እምብዛ ተሃራፊት ልዕሊ መሳቱኺ፡
ዓይኖም ነይሓስዩ ክጎብጡ ንዓኺ፡
ፈተውቲ ተመሲሎም ከየዳህልሉኺ።

ታሪኽኪ ንጹር ዓይነ ስዉር ዘንብቦ፡
ህዝቢኺ ተባዕ በዓል ረዚን ሓቦ፡
ሪሂጹ በላዕ ዘይፈቱ ትኳቦ።

መዋእል ወሎዶታት ዘቑጸረ ባህልኺ፡
ብስኒት ዝነብር ሓፋሽ ህዝብኺ፡
ወይልኡ ዝፍትን ክዕምጽ ንዓኺ።

ውቕያኖስ እንተዝኸውን ቀለም፡
ወረቐት እንተዝኸውን ጽፍሒ እዛ ዓለም፡
ታሪኽኺ ተጻሒፉ ኣይምተወድኤን ንዘልኣለም።

ታሪኽ መኸተ ታሪኽ ጅግንነት፡
ታሪኽ ጽንዓት ታሪኽ ተወፋይነት፡
መን እሎ ከማኺ ዝጸንዕ ኣብ እምነት።

ተማሂርኪ ትዕግስቲ ተጻዋርነት፡
ስኒ ነኺስካ ከምዝሕለፍ ድኽነት፡
ባህልኺ ኣየፍቕዶን ተምበርካኽነት።

ደቅኺ ኣብርሃም ኢብራሂም ሳራ ዛህራ፡
ኣብ ሓደ ማኣዲ ንበልዕ ብሓበራ፡
ንስኺ ጽላል ኩልና ሃገረይ ኤርትራ።

ወዲ ይኹን ጓል ኩሉ ካባኺ ተወልደ፡
ብስምኪ ይዝምር ኣብ ዝኸደ እንተኸደ፡
ኤርትራ ኣላትኒ ይብል ናይ ብሕቲ ኣደ።

ሳላ ጥርናፈ ምኟን ሓደ ልቢ፡
ንኡስ ይኹን ሽማግለ ዓቢ፡
መብጽዓ ኣሎና ንዓኺ ክንናቢ።

መሬትኺ ተፈታዊ ከም ውሉድ ሰብ፡
ወቕትኺ ዝህብ ክልተ መኽሰብ፡
ምእንታኺ እንዲና ካብ ኲሉ ንሰባሰብ።

ከምቲ ወርቂ ብሓዊ መኺኹ ዝደምቕ፡
ውሉድኺ ብውግእ ተፈቲኑ ንኹሉም ዘሕምቕ፡
እናህትለ ጸሓይኪ መመሊሳ ትደምቕ።

ኣብ ብሩህ ሕብሪ ሰብ ከምዘሎ ጸሊም ቡሮት፡
ካብ ዘርእኺ'ውን ኣይተሳእነን ዘይብሉ ሓሞት፡
ሂወት ከለዎ ዝምሰል ብሞት።

ኣናጹ ደሙ ስለ ዘሽገረተን ገበራ ዋዕላ፡
ኩለን ተሰማምዓ ቃጭል ክኣስራላ፡
ኣብ መን እሰረላ ፋሕብተን በላ።

እዘን ተቓወምንቲ'ዶ ንበለል ተቓመርቲ፡
ካብዘን ኣናጹ ዘይሕሻ ተፈናጨልቲ፡
መበገሲ ዘይብለን እንትርፎ ስስዕቲ፡

ኤርትራ ቅንዕናኺ ይገሃድ ኣሎ ኣብ ዓለማት፡
እቅረ ዝብላ እቀላቕላ ኣለዋ ሃገራት፡
ዓስቢ ትረኽብሉ  ናይ መኸተኺ ጽንዓት።

ሃገረይ ቀጽሊ ኣብ ጎደና ልምዓት፡
ፈጺሙ ክጠፍእ ሕልሚ ሱሱዓት፡
ደም ነቢዑ ክተርፍ ዓይኒ ከደዓት።

ነባሪ ዝኽሪ ንሰማእታትና፡
ዓወት ንሓፋሽ፡
ገብረንጉስ መስመር።